ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርህ፡ ኣሳትፍ፡ ኣስምር

ፍራንክፉርት፡ ጀርመን
19 ለካቲት 2023

**ወግዓዊ መግለጺ**

*ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2023*

**ምውሓስ ድሕነትን ልዑላውነትን ኤርትራ**

*ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2023* ኣብ ትሕቲ *“ድሕነትን ጸጋን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓርነት፡ ሰላምን ራህዋን ዚተማልአ ህይወት ንምንባር”* ዚብል ቴማ፡ ኣብ ፍራንክፉርት፡ ጀርመን፡ ኣብ 17-19 ለካቲት 2023 ብሓልዮት *ኤሪ-ፕላትፎርም* ብዓወት ተኻይዱ፣ ስርሑ በዚ ዚስዕብ ወግዓዊ መግለጺ ደምዲሙ።

**ኣምር**

ህዝቢ ኤርትራ ንዝያዳ ስድሳ ዓመታት ዚተናውሐ ኲናት ሃገራዊ ሓርነት፡ መሪር ዘቤታዊ ጭቈናን ኣስፋሕፋሒ ግዳማዊ ወራርን ተጻዊሩ። ደድሕሪ ዓወት ብረታዊ ቃልስን ሓሙሽተ ዓመታት ናጽነትን፡ እቲ ድርብ ሓደጋ ናይ ዘቤታዊ ጭቈናን ግዳማዊ ወራርን ንህዝቢ ኤርትራ መሰረታዊ ሰብኣዊ ድሕነት ኣሓሪሙ፡ ሰብኣዊ ኩነታቱ ካብ ሕማቕ ናብ ዚሓመቐ ደረጃ ከም ዘንቈልቍል ገይሩ። ሓደ ውልቀ-መላኺ በትረ ስልጣን መንዚዑ ኣረሜናዊ ምልኪ ብምስግዳድ፣ ጉዳይ ሃገር፡ ዋኒን መንግስትን መንግስታዊ ፋይናንስን ዚኾነ ተምሳል ርትዓውነት፡ ግሉጽነት ይኹን ተሓታትነት ብዘይብሉ ሃውራዊ ኣገባብ የመሓድር። እቲ ውልቀ-ምልካዊ ስርዓቱ ሃገራዊ ጸጋታት ኣባኺኑ፡ ሃገር ከም ሸንቲ ገመል ንድሕሪት ኣዝሒጡ፡ ህዝቢ ኣድክዩ፡ ጃምላዊ ፍልሰት መንእሰያት ደፋፊኡ።

እቲ ምዝሓጥ ሃገር ንድሕሪት፡ ምድካይ ህዝቢ፡ ጃምላዊ ፍልሰት መንእሰያት ንመጻኢ ናይታ ሃገር ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣእትዩ። ብርግጽ፡ *ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓርነት፡ ሰላምን ራህዋን ዚተማልአ ህይወት ንኽይነብር፡ ድሕነትን ጸጋን ምሕራም፡* ኣብ ልዕሊ ድሕነትን ልዑላውነትን ሃገረ ኤርትራ ህላዌኣዊ ስግኣት ዘንብር ተግባር ኢዩ። ሃገራዊ ድሕነትን ሰብኣዊ ድሕነትን ዘይነጻጸሉ ረቛሒታት ድሕነት ሃገር ምዃኖም ንኣምን። ድሕነት ሃገር ድማ ነዞም ዚስዕቡ ኩነታት ምውሓስ የቕውም:-

1. ኣካላዊ ድሕነት ሃገርን ህዝብን ካብ ወራርን ስግኣት ወራርን፤

2. ሰብኣዊ ድሕነት ህዝቢ ካብ መድቈስቲ፡ ጥሜት፡ ሕማምን ዝርገት መዓልታዊ ህይወትን።

ምውሓስ ኣካላዊ ድሕነት ሃገርን ህዝብን ኰነ ሰብኣዊ ድሕነት ህዝቢ ኣድማዒ ምስልሳል ናይ ነንሓድሕዱ ዚመላላእ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ወተሃደራውን ዲፕሎማስያውን ተግባር ይሓትት። ብዝያዳ ዝርዝር ንምግላጽ:-

1. ኣብ ግዝኣተ ሕጊ ዚተመስረተ፡ መሰረታዊ ሓርነታትን መሰላትን ህዝቢ ብምስረታ ቅዋማዊ ምሕደራ ዘውሕስ፡ ርጉእ ማሕበራዊ ስርዓት ምህናጽ፤

2. ቍጠባዊ መኣዲ ብምኽፋትን ጥንቁቕ ኣመሓዳድራ ባህርያውን ሰብኣውን ጸጋታት ሃገር ብምስልሳልን፣ ሃገራዊ ቍጠባ ምምዕባል፡ ሸቕለት ምፍጣር፡ ሃብቲ ምፍራይ፡ ራህዋ ምስፋን፤

3. ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሞያውነት ምስናቕ፣ ዕጥቁ ኰነ ኣቀዋውማ ስርዓተ እዝን ቍጽጽርን ምዝማን፣ ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ ብንቡር ዕቤት ምስሳን፣ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብመሰረት ዓንቀጻት *ኣዋጅ 82/1995* ምስልሳል፤

4. ድሕነት ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ዘዕዝዝ ተበግሶኣዊ ዲፕሎማሲ ምስልሳል።

ብመንጽር’ዚ ጠለባት’ዚ፡ እቲ ዚጸንሐ ሜላታትን ተግባራትን መንግስቲ ንሰብኣዊ ድሕነት ህዝቢ ኤርትራን ንድሕነትን ልዑላውነትን ሃገረ ኤርትራን ዘግድዕ ኢዩ። እምበኣርከስ፡ ምትካል ቅዋማዊ ምሕደራ ጉዳይ ሰብኣውን ሃገራውን ድሕነት፡ ጠለብ ህላዌኣዊ ኣድላይነት ንብልጽግትን ልዑላዊትን ሃገረ ኤርትራ ኰይኑ ኣሎ። ስለዚ፡ ብኤርትራዊ ዋንነት ዚእለ ርጉእ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ምድራኽ ዕዙዝ ኣድላይነት ኣለዎ።

ኤሪ-ፕላትፎርም፡ ኣብዘን ዚሓለፋ ሽዱሽተ ዓመታት፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ተነጣጠፍቲ ጒጅለታትን ውልቀሰባትን ኣብ ዳያስፖራ፡ ቀንዲ ረብሓታት ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ዘማእከለ፡ ኣብ ሓባራዊ ራእይ ዚምስረት ሓባራዊ ባይታ ንናይ ሓባር ስራሕ ንምንጻፍ ኪሰርሕ ጸኒሑን ይሰርሕ ኣሎን። ተነጣጠፍቲ ጒጅለታትን ውልቀሰባትን እናኣከበ ኣብ ሃናጺ ሃገራዊ ልዝብ ንምጽማድ፣ ጠቓሚ ሓሳባት ንምእማም፣ ጸጋታት ንምጥርናፍ፣ ርጉእ ስግግር ኣብ ምድጋፍ ንምትሕብባር ተኸታተልቲ ሲምፖዝዩማት ከካይድ ጸኒሑ። እዚ ኣብ ትሕቲ *ምውሓስ ድሕነትን ልዑላውነትን ኤርትራ* ዚብል ቴማ ዚካየድ ዘሎ *ኤርትራ ሲምፖዝዩም 2023 (ኤሲ2023) ድማ፡* መቐጸልታ ናይዚ ጻዕሪ’ዚ ኢዩ።

***ዕላማታትን ቴማታትን***

ከምቲ ልሙድ፡ *ሲምፖዝዩም ኤርትራ 2023* እዞም ዚስዕቡ ዕላማታት ኣለዉዎ:-

1. ብርጡብ ሓበሬታ ዚተሰነየ ዘተ ኣብ ህሉው ኩነታት ኤርትራ ምስላጥን ብቑዕ መደብ ስራሕ ምእማምን።
2. ኣብ ድምር ዓወታት ናይቶም ዚሓለፉ ሲምፖዝዩማት ብምህናጽ፡ (1) ድሕነትን ልዑላውነትን ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ኣብ ምክልኻል፣ (2) ኣብ ኤርትራ ግዝኣተ ሕጊ ንምስፋንን መሰረታዊ ሓርነታትን መሰላትን ህዝቢ ንምውሓስን፡ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምትካል ኣብ ምጽዓር፣ ጥርናፈ ተነጣጠፍቲ ጒጅለታትን ውልቀሰባትን ምድንፋዕን ምትሕብባር ምዕዛዝን።

3. ርጉእ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምድራኽ፡ ኣብ መንጎ ፕሮ-ደሞክራሲ ኤርትራውያን ተነጣጠፍቲ ኣብ ዳያስፖራ መርበብ ሓድሕዳዊ ርክብ ንምዅስኳስን ምትሕግጋዝ ንምሕያልን መድረኽ ምውዳድ።

እዚ ግሁድን ክፉትን ልዝብ ንምስላጥ ዚዓለመ *ሲምፖዝዩም*ዚ ኣብ ሓሙሽተ ነንሓድሕዶም ዚተዛመዱን ዚመላልኡን ቴማዊ ፓነላት፡ እንተላይ ሓደ ፓነል ናይ ሓፈሻዊ ሕቶን መልስን፡ ዚተወደበ ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ፓነል ብክልተ ኣቕረብትን ሓደ ኣላዛብን ዚቼመ ኢዩ።

*ፓነል 1: ረቛሒታት ሃገራዊ ድሕነት ሃገረ ኤርትራ፣*
*ፓነል 2: መንገዲ ነባሪ ሰላም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣*
*ፓነል 3: ምድራኽ ሃገር-በቑል ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ፣*
*ፓነል 4: መድረኽ ሓፈሻዊ ሕቶን መልስን*
*ፓነል 5: ጥርናፈ ኣብ ምክልኻል ሃገራዊ ድሕነት*

**ውጽኢት**

ድሕሪ ሰፊሕ ዝርርብን ዘተን፡ ተሳተፍቲ ሲምፖዝዩም ኣብዚ ዚስዕብ መደብ ስራሕ ተሰማምዮም፡-

1. ቅዋማዊ ምሕደራ ንምድራኽ ኲነ ድሕነትን ልዑላውነትን ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ንምውሓስ፣ ነቲ ብሰፊሕ ልፍንቲ ብዙሕነታዊ ተነጣጠፍቲ ጒጅለታትን ውልቀሰባትን ኣብ ዳያስፖራ ዚቼመ *ቀጻሪ ልዑላውነት ኤርትራ* (ቀ.ል.ኤ.) ምሕያል።

2. ምእንቲ መሰረታዊ ሓርነታትን መሰላትን ህዝቢ ኤርትራ ምጥባቕ።

3. ርጉእ ርእሰ-ምምሕዳራዊ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ንምድራኽ፡ ሓድነት ዕላማን ምሕዝነትን ፕሮ-ደሞክራስያዊ ጒጅለታት፡ ባእታታትን ውልቀሰባትን ብምዅስኳስ፡ ተግባራዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ምዕዛዝ።

4. ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት፡ ምስ *መምርሒታት ምምልካት* ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዘሳኒ ኣገባብ፡ ንምምልካት ምጒስጓስ፤

5. ኵሎም ሃገራውያን ኤርትራውያን ኣብ ውሽጥን ኣብ ዳያስፖራን፡ ርጉእ ስግግር ናብ ቅዋማዊ ምሕደራ ኣብ ምምጻእ ኣበርክቶ ንምግባር ኪጥርነፉን ብሓባር ኪሰርሑን ምጽዋዕ።

6. ነቶም ብምትእትታው ግዳማዊ ሓይልታት ለውጢ ንምምጻእ ዚደልዩ ኲነ ዚጒስጒሱ ኤርትራውያን፡ ነቲ ዘይለባም መርገጺኦም ዳግመ-ገምጋም ኪገብሩሉ፣ ኣብ ክንድኡ፡ ተግባራዊ ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ-ምምሕዳራዊ ለውጢ ንምድንፋዕ ኪሰርሑ ምምሕጻን።

7. ነቶም ነቲ ስርዓት ዘይነቕፌታዊ ደገፍ ምሃብ ዚቕጽሉ ዘለዉ ኤርትራውያን፡ መርገጺኦም ዳግመ-ግምት ኪገብሩሉ፡ ምእንቲ ዚለዓለ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን፡ ኣብቲ ምእንቲ ፍትሕን ቅዋማዊ ምሕደራን ዚካየድ ቃልሲ ኪጽንበሩ ምምሕጻን።

8. ነቶም ኣብቲ ‘*ስቕተኛ ኣብዝሓ*’ ተደጒሎም ዘለዉ ኤርትራውያን፡ ኣብ ክንዲ ኣብቲ ንድሕነትን ልዑላውነትን ህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ወሳኒ ኣገዳስነት ዘለዎ ጒዳይ ልኡማት ተዓዘብቲ ዚኾኑ፡ ዜግነታዊ ሓላፍነቶም ብምስካም፡ ኣብ መሳርዕ ቃልሲ ንፍትሕን ቅዋማዊ ምሕደራን ኪጽንበሩ ምጽዋዕ።

9. ትግባረ ናይዚ ስምምዕ’ዚ ንምክትታል፡ ንኣወሃሃዲ ሽማግለ *ቀጻሪ ልዑላውነት ኤርትራ* ምሕያል።

For more information, please visit [www.eri-platform.org](www.eri-platform.org).